በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# መወዳእታ ረሲኣን (ኃጥኣን) እንታይ እዩ፧

## ጻድቃንከ ኣብ ጊዜ ፈተና እንታይ መንፈሳዊ ረብሓ ይረኽቡ፧


ቀ. ተስፎም ገዛኢ

10ይ ዓመታዊ  መንፈሳዊ ጉባኤ ን.ሃ.ስብከት
ሰሜን ኣመሪካ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ

# ምርሓኒ ባዕልካ□

1. መንእሰይ (ድኹም) እየ ኣነ ኩሉ ዘታልሎ
   ናባካ□ቐሪበ ብምሕረትካ ክሕሎ
   ሎምስ ወሲነ እየ ሕግኻ ክክ□ተሎ

ተደ፤ ብጸጋካ□ብምሕረትካ ምርሓኒ ባዕልካ□(2)

2. ናይ ዓለም ጥበራ እንተበርትዓኒ
   መጻውድያ ሰይጣን እንተሓንኮለኒ
   ካብ ኩሉ ዘድሕን የሱስይ ኣሎኒ

3. ክምቲ ትደልየኒ መታን ክዓየልካ□
   ጸጋካ□ኣብዝሓለይ ጐይታ ሓደራካ□
   ተቆጻጸር ሂወተይ ምርሓኒ ባዕልካ□

4. ቃልካ ንክሕሉ ጐይታይ ሓግዘኒ
   ንድሕሪት ከይምለስ ተስፋካ□ሃበኒ
   ምሉእ መዋእለይ ኣብ ቤትካ ኣንብረኒ

www.lewahdo.org

ከመይ ኢሉ ኾነለይ

1,ከምይ'ሉ ኾነለይ ኢየሱስ ከፍቅረኒ
ንዓይ ድኹም ሕሱር ፈትዩ ክቐርበኒ
ዝርአ ዘይርአ ኩሉ ዝፈጠረ
ከመይ'ሉ ኾነለይ ክብለኒ ወደየ/ጓለየ።

ዝደጋገም፡ ተሓጉሰ ተመስገን (2) ኣምላኺይ
ተዓዊተ ተመስገን(2) ኣምላኺይ

2, ከመይሉ ኾነለይ ብኣምላኽ ክናበ
ብስጋ ብነብሲ ኩሉ እናሃበ
ካብጸላኢ ነብሰይ ዓወትይ ዘይፈቱ
ዓወት እናሃበ ናብሰማይ ዘእቱ

3 ከመይ'ሉ ኾነለይ ኣብዙርያቲ ዝፋን
ምስኩሎም ኣሕዋተይ ብሓጎስ ምምስጋን
ኢየሱሰይ ዘለዎ ነቲ ጥዑም ዓዲ
ከመይ'ሉ ኾነልይ ክኸውን ወራሲ

www.tewahdo.org

## ትሕዝቶ

1- ረሲኣንን ተግባራቶምን
2- ጥርዓን ደቂ ሰባት ናብ እግዚኣብሔር ኣብጊዜ ጸበባ
3- ኣብነት ፍርዲ አግዚኣብሔር ናብ ኃጢኣት ወይ ዓመጻ
4- መልሲ እግዚኣብሔር
5- ውሳኔ ድቂ ሰባት ኣብ ጊዜ ፈተና
6- መደምደምታ

1, ረሲኣን ወይ ኃጥኣን መን እዮም ፧
    ተግባራቶም እንታይ ይመስል፧

ካብ ነብይ እንባቆምን ንጉስ ዳዊትን  ከመ እንሪኦ

ረሲኣን
- ዕቡያት
- ዓመጸኛታት
- መጉደልቲ ወይ መጥፋእቲ ፍትሒ
- መላገጽቲ
- ብዓቢኡ ካብ መንገዲ እግዚኣብሔር ዝወጹ እዮም
- ንእግዚኣብሔር ዘየፍቅሩ
-  ወዘተረፈ

- ስለዚ ብዓመጻ ዘበለ ብሕሰም ብስስዐ ብቕንኣት ብቕትለት ብባእሲ ብምጥፍፋእ ብእከይ ምሉኣት ኮኑ።
  ከምኡውን ስም ሰብ ዘጸልሙ ሓመይቲ
  ንእግዚእብሔር ዝጸልኡ ዕቡያት ተጀሃርቲ
  ክፍኣት ዝኣልሙ ንወለዶም ዘይእዘዙ ዝህሉላት
  ጠለምቲ ፍቕሪ ዘይብሎም ጨካናት እዮም። ሮሜ1፡29-31

2- ጥርዓን ደቂ ሰባት ናብ እግዚኣብሔር ኣብጊዜ ጸበባ

1ይ ጥርዓን እንባቆም

- ኦ እግዚእብሔር ክትረድኣኒ ኢለ ንነዊሕ እዋን ናባኻ ኣእወኹ ክሳዕ መኣስ ኢኻ ዘይትሰምዓኒ 'ይዕምጹና ኣለዉ' ኢለ ናባኺእ ኣእወኹ ንስኻ ግና ኣይረዳእካንን ። ሰስለምንታይ ክፍኣት ክርኢ ትሓድገኒ፧

- ንስኻኸ ስለምንታይ ዓመጽ እናረአኻ ሸለል ትብል፧

ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ

ባእስን ክርክርን ከኣ ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ ።

- ሕጊ ደኺእመ ፍትሒውን ጠፍአ። ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጻሉ ኣሎ ፍርዲውን ቀነነ።

ንጉስ ዳዊት ከኣ
(መዝ73)

❖“ብሓቂ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንእስራኤል ነቶም ንጹሕ
ልቢ ዘለዎም ሰናይ እዩ።

ኣነግና ተስፋ ክቖረጽ አምነተይ እውን ከጥፍእ ቀሪበ ነበርኩ።

ራህዋ ኃጥኣን ምስረኣኹ
ንዕቡያት ቀናእኩሎም።

ኪሞቱ ከለዉ ስቓይ የብሎምን ጥዑያትን ስቡሓትን እዮም ።
ከም ካልእ ሰብ ጻገም የብሎምን ከም ካልኦት  ስቓይ የብሎምን

- ስለዚ ንትዕቢት ከም ስልማት ኣብ ክሳዶም  ይገብርዋ
- <u>ንግፍዒ ከኣ ከም ክዳን ይኸደንዋ</u>።
- ካብ ልቦም ክፍኣት ይግንፍል
- ብሓሳቦም ከኣ ተንኮል ይኣልም
- የላግጹሎም ክፍኣት እውን ይዛረቡ።

- ዕቡያት እዮም ንኻልኦት ውን ከመይ ገይሮም ከምዝጭቁንዎም ይበላሓቱ።

- ብዛዕባ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ እግዚኣብሔር ክፉእ ይዛረቡ። ኣብ ምድሪ ኸኣ ንሰብ ብትዕቢት ይእዝዙ።

- ስለዚ ሕዝቢ ኣምላኽውን ናብኦም ቊሊሕ ይብሉ። ዝበልዎ ኩሉ ኸኣ ይሰምዑ።" መዝ73፡1-10

❖ ብርግጽ ኣብመንደልሃጺ ስፍራ ደው ከተብሎም ኢኻ
ናብ ጥፍኣትውን ከተውድቖም ኢኻ።

ከም ቅጽበት ዓይኒ ባደሙ
ጸነቱ ብስምባድውን ተውድኡ

ከምቲ ንጉሆ ዝርሳዕ ሕልሚ ኮኑ
ንስኻ ኦእግዚኣብሔር ምስነቓሕካ ይጠፍኡ።መዝ73፡16-20

- እግዚኣብሔር ግና ንዓመጻኛታት ተዘይተነሲሖም ከይቀጽዐዶ ይሰዶም እዩ፧

  ኣይፋሉን

❖ ቊጥዓ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኽፍኣትን ኃጢኣትን ናይቶም

ብኽፍኣቶም ንሓቂ ዝኸድንዋ ሰባት

ካብ ሰማይ ይግለጽ እዩ። ሮሜ 1፥18

## 3- ኣብነት ፍርዲ እግዚኣብሔር ናብ ኃጢኣት ወይ ዓመጻ

- ማይ ኣይሂ እግዚኣብሔር ክፍኣት ደቂ ሰባት ምስበዝሐ ሰብ ብምፍጣሩ ተጣዕሰ ክሳብ እንስሳ ሓዊሱ ከጥፍኦም ወሰነ (ዘፍጥ (6-8)

- ሰዶምን ጎሞራን ዘፍጥ19 ፥13
  "ኣውያት እቶም ውዱዓት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዓቢይ ስለዝኾነ ፤
  እግዚኣብሔር ከኣ ነዛ ቦታ እዚኣ ከነጥፍኣ ስለዝለኣኸና ንሕና ከነጥፍኣ ኢና።"

4-መልሲ እግዚኣብሔር

ንህዝቢ ይሁዳ ባቢሎናውያን ከተንስኣሎም ምኳኑ ነገሮም

በዚ ተገሪሙ

2ይ ጥርዓን እንባቆም

‘ኦ እግዚኣብሔር ካብ ጥንቲ ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ
ንስኻ ቅዱስን ዘልኣለማዊ ኣምላኽይን ኢኻ ‘

ከመይከ እቲ ኃጥእ ነቲ ካብኡ ዝጸድቕ ክዕምጾ ከሎ ትም እትብል፤
ከመይ ንሰባት ከምቶም ዓሳ ባሕርን ከምቶም ገዛኢ ዘይብሎም
ለመምታ እትገብሮም፤

- ዕሽነት በለዓም ብኣድጊ ጌሩ ገነሓ
- “እንተዘይተንሳሕኩምሲ ኩላትኩም ድማ ከምኡ ክትጠፍኡ ኢኹም” (ሉቃ13)
- ዘይፈሪ ኦም ይቑረጽ (6-9)

እግዚኣብሔር  ሕማቕ ይጸልእ

ሕማቕ  ንዝገብር  ሰብ ከመይ ኢሉ ይጽመሞ

ዝበል ሕቶ ኣብ ነብይ እንባቆምን ንጉስ ዳዊትን ሓዲሩ

መልሲ ንኽረኽቡ ዝወሰድዎ ስጉምቲ

5- ውሳኔ ደቂ ሰባት ኣብ ጊዜ ፈተና

መልሲ እግዚኣብሔር ንምርካብ ዝወሰድዎ ውሳኔ

❖እግዚኣብሔር እንታይ ከምዝዛረበንን ብዛዕባ እቲ ከትዐይ ከኣ እንታይ ከምዝምልሰለይን ተጠንቂቐ ምእንቲ ክሰምዕ *ኣብቲ መሐለውየይ ደው ክብል* ኣብ ልዕሊ ግምቢውን ክቕውም እየ። (እንባቆም2፡1)

❖ ነዚ ግድል እዚ ምላሽ ምእንቲ ክረኽበሉ ኣዕሚቐ ሓሰብኩ ግናኸ ኣዝዩ ሸገረኒ ።

❖ ሽዑ ኣብ መቕደስካ ኣተኹ ንኃጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦምውን ተረዳእኩ።(መዝ73፡16-20)

መልሲ እግዚኣብሔር ንእንባቆም

እግዚኣብሔር “ ብቕልጡፍ ምእንቲ ኸንበብ ነቲ ራእይ ጽሓፎ
ኣብ ሰሌዳታትውን ቅረጾ

እቲ ራእይ ንምዱብ ጊዜ እዩ። እቲ ዝፍጸመሉ ጊዜ ኸኣ ቐልጢፉ
ይመጽእ  ኣሎ። እዚ ዘርእየካ ዘለኹ ራእይ ሓቂ እዩ። ብርግጽ
ክመጽእ እዩ ኣይክድንጉን ድማ እዩ። እንተ  ደንጎየ እኳ ተጸበዮ።
ተጸበዮ

## እቲ መልእኽቲ

‘እቶም እኩይ ዝግብሮም ዕቡያት ብሕይወት ኣይክነብሩን እዮም።

ጻድቃን ግና ብእምነት ይነብሩ። ‘ ዚብል እዩ ‘ ኢሉ መለሰሰለይ

መጠቓለሊ

ካብዚ ንሕና ከም ኣመንቲ እንታይ ንምሃር፧

ብእምነት ይነብሩ

1- ኣብ ቦታኻ ምጽናሕ

2- ምሕረት እግዚኣብሔር ስለኹሉ ምልማን
(ንኃጢኣት እግዚኣብሔር ይጽየፎ)

3- ብእምነት, ብተስፋ ብትዕግስቲ ምንባር

- ኣይትጠብሩ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ ሰብ ነቲ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ

እቲ ንስግኡ ኬሐጉስ ኢሉ ዚዘርእ ካብ ስጋኡ ሞት ክዓጽድ እዩ።

እቲ ንመንፈስ ኬሐጉስ ኢሉ ዚዘርእ ከኣ ካብ መንፈስ ናይ ዘልዓለም ሕይወት ክዓጽድ እዩ።

ሰናይ ንምግባር ኣይንሰልኪ ከመይ ተስፋ እንተዘይቆረጽና እዋኑ ምስበጽሐ ክንዓጽድ ኢና። (ገላትያ6፡7-9)

- “እምብኣር ኣታ ንኻልእ እትፈርድ ሰብ ንስኻ ዝኾንካ ኹን በቲ ንኻልእ እትፈርዶ ንርእስኻ ትኹንን ኣለኻ እሞ እቲ እትፈርዶስ ትገብሮ ስለዘለኻ ምኽንያት የብልካን

ንሕና ግና ኣብቶም ከምዚ ዝገብሩ ግቡእ ፍርዲ ኣምላኽ ከም ዚወርድ ንፈልጥ ኢና” (ሮሜ2፡1-2)

“ነቶም ሰናይ እናገበሩ ግርማን ክብርን ዘይሙማትን ብትዕግስቲ ዝምነዩ ናይዘልኣለም ህይወት ክህቦም እዩ።

ነቶም ንዓመጻ እምበር ንሓቂ ዘይእዘዙ ፈተውቲ ርእሶም ግና ቁጥዓን መዓትን ክወርዶም እዩ እከይ ንዝገብር ዘበለ ኩሉ ሰብ ስቓይን ጸበባን ክወርዶ እዩ…” ሮሜ2፡7-9

❖እግዚኣብሔር እንታይ ከምዝዛረበንን ብዛዕባ እቲ ክትዐይ ከኣ እንታይ ከምዝምልሰለይን ተጠንቂቐ ምእንቲ ክሰምዕ *ኣብቲ መሐለውየይ ደው ክብል* ኣብ ልዕሊ ግምቢውን ክቐውም እየ።(እንባቆም 2፡1)

❖ ነዚ ግድል እዚ ምላሽ ምእንቲ ክረኽበሉ ኣዕሚቐ ሓሰብኩ ግናኸ ኣዝዩ ሸገረኒ ።

❖ ሽዑ ኣብ መቕደስካ ኣተኹ ንኃጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦምውን ተረዳእኩ። (መዝ73፡16-20)

- ኩሉ ሕማቕ ዘበለ ስራሕ ሰይጣን ምዃኑ ክንፈልጥ ይግብኣና ሰይጣን ድማ ተግባሩ ከስርሓና ወትሩ ይጽዕት ኣሎ።

- ክንዕምጽ/ ምስዓመጸኛታት ክንታሓባበር
- ክንሓሚ ንሰብ ከነጸልምን ክንፈርድን
- ቤት ኣምላኽ (ቤተክርስቲያን) ክንሓድግ
- ጸሎት ከነቋርጽ
- ኣብካልእ ዓለማዊ ስራሕ ክንኣቱ ይደሊ ኣሎ

-ኣይፋል ክንንብሎ ካብ ቦታና ከይንለቅቕ ክንቃለሶ የድልየና

❖ "ነቶም ሰፈሮም ዝሕደጉ መዓርጎም ዘይሓለዉ መላእኽቲውን በታ ዓባይ መዓልቲ ምእንቲ ክፍረዱ ብናይዘልዓለም ሞቑሕ ኣብጸልማት ኣሲሩ ዓቑርዎም ኣሎ" ይሁዳ 1፡6

❖ ስለቲ ኣብ ቤተክርስቲያንናን ኣገልገልታን ኣመንታን ዝወርድ ዘሎ ምፍራስ ሕግን ግፍዕን ንሕና ሎሚ ከም እንባቆም ናብ እግዚኣብሔር ክንጠርዕ ይግብኣና ሓላፍነትናውን እዩ።

እግዚኣብሔር ብእምነት ክነብር ይሓግዘና

ክብርን ምስጋናን ንእግዚኣብሔር ንዘልዓለም ይኹን